## ብሓባር ንዘክሮም ሃገር ንዘረከቡና
## ለበዋኦም ነተግብር ብህይወት ዘሎና
## መብጽዓና ነሔድስ ብስዉኣት ምሒልና!!

ብለምለም ገብረሚካኤል ጀርመን

ዘለዓለማዊ ክብርን ዝኽርን ንዓካትኹም ስዉኣትና
ካብ አርዑታዊ መግዛእቲ ናጻ ዘውጻእኹምና
ንጸልማት ጋሊህኹም ቀንዴል ዘብራህኩምልና

ህልዋት ነበርቲኣብ መንፈስ ሕልና
ኣስማትኹም ዝተመዝገበ ኣብ ወርቂ ብራና
ኣብ ዘዝወደቕኹምሉ ይብጻሕኹም ህዝባዊ ምስጋና።

ህያብ መስዋእትኹም ነጻነት ሃገርና
ከም ሽምዓ ዝመኽኽኹም ንድሕነትና
ለበዋኹም ከነሔድስ ብመንፈስ ሓግዙና።

ብድሕረኹም እውን ብዙሕ ኢና ቀሪርና
ጠላማት ብሒቶሙዋ ወያ ኤርትራና
ራዕዲ ተሓዲሱና ኣሎ እንደገና።

አሽሓት ዝሓለፍኹም ህዝብና ንክጥዕሞ
ትምቢት ኺይኑ ተሪፉ ንኵሉ ዉሑዳት ብሒቶሞ
ወዮ የዋህ ህዝብኹም ዳግማይ እምበር ሓሰሞ።

አደ ስዉእ ብጓሂ ዕለት መጸ ትንኖ
አቦ ስዉእ ይቁዝም(ይሕርቅም) ስለ ዝገረሞ
ንወዲ ስዉእ ጅግና ዓሳ ባሕሪ ይቁርጥሞ።

ኣማእትታት ዝወደቑምሉ ሓደ ኺይኑ ዝውንኖ
ኤርትራ ናይ ውልቀሰብ ኺይና ዓባይ ምስኖ
ህዝብኹም የእዊ አሎ እንተ ረከበ ዘድሕኖ።

ብሽምዓ ንዝክረኹም ኢና ወትሩ ዓመት ዓመት
መንፈስና ግን ሰኽኢሉ አሎ ለበዋኹም ከይቋመት
ሕድሕድ ክንተፋነን ሓሊፉ 17 መሪር ዓመት።

እንድዒልና ህልዋት 100%(ሚእቲ ካብ ሚእቲ) ኢና አፍሲስናያ ሓሞት
ድኽመትና መዝሚዞም ህግደፍ የስትዩና አለዉ ድኹት
ወትሩ ሓዊ ይጽሕትሩ ምስ ኵሉ ጐረቤት
ሓዲሽ ወለዶና ኵሉ አምሪሑ ንስደትሩ።

እቲ ኵሉ መኅይይትኹም ዝነበረ ተፈንፊኑ
ይነብር አሎ ኣብ ጐዳጉዲ ህግደፍ ተዳጕኑ
ህዝብኹም ኣብ ክንዲ ዝሐብር ተበቲኑ
እንቛዕ አይትርእይዎ ወገንኹም ብጓሂ ማሲኑ
ጠላማት ድማ ብሻንፓኛ ዋሽኪ ይሕቆኑ።

ለበዋኹም ንክነተግብር ብመንፈስ ሓግዙና
ንዛንታና ኬነሔድስ ከም ጥንታዊ ያታና
ንለውጢ ክንቋመት ንድሕነት መንነትና
ጌጋና ንክንእርም ብህይወት ዘሎና።

ነባሪ ክብሪ ንኣካትኹም ስዉኣት ጀጋኑ
ብ20 ሰነ ክትዝከሩ ብሓደ ተዋሲኑ
ንሕናን ንስካትኹምን ዘይንፈልጦ ኣሎ ምስጢር ተሸፊኑ
ርትዓዊት ዕለት ክሳብ እትመጽእ ቅሰኑ።

ህዝቢ ኣይኽለን ክመሚ ሓቅነት
ህዝብና ወትሩኡ ኢዩ ዝነብር ብግርህነት
ኣወንዚፍናያ ክንሐልፍ ኼይኑና ኣሎ ግድነት
ዓሻ ንዝተከፍሎ ክሳብ እንብቁሶ ብድምጺ ብዙሕነት።

መንግሥተ ሰማያት ትኹነልኹም ገነት ስዉኣትና
ቀዳሞት ዳሕረዎት ዝወደቕኹም ንሰብአውን ሃገራውን ክብርና
ታሪኹም ነባሪ ሓወልቲ ኢዩ ኣብ ልቢ ዜጋና
ዘለዓለማዊ ክብርን ዝኽርን ንዓካትኹም ሰማእታትና
ፍቕርን ሥኒትን የውርደልና ብህይወት ንዘሎና።

20 ሰነ 2008 ለምለም ገብረሚካኤል ጀርመን

## <u>ካልኣይቲ ግጥሚ</u>
## <u>መልእኽቲ ካብ ስዉኣት እስከ ተሓተቱ ህሉዋት!!</u>

እንታይ ኢዩ ብልሓትኹም ህሉዋት
ኣእዛንና ጸሚሙ ብመሪር ኣውያት
መቓብርና ጠልቒዩ ብንጥብጣብ ንብዓት
ወይስ ረሲዕኹምና ኢኹም ኼንና ስዉኣት?

ኣይፋልኹምን ህሉዋት ኣይፋልኹምን ነበርቲ
ብሥኒት መክቱ ጸረ መንደልሐቕቲ
ኻሎንቱ ድዩ ነይሩ ናህና መስዋእቲ
ብኣና ኣይትሽሕጡ ቐትሪ ለይቲ።

ብሽምዓ ምዝኻር እንታይ ክኾነና
ንህዝብና ኣደፂቕንዎ ካብ ጭቆና
ትርጉሙ ተረድኡ ኩነት መስዋእትና
ሸቶኡ ኣብጽሕዎ ንለበዋ ኩልና።

መቓብር ሰንጢቕና ክንወጽእ ኣይካኣልናን ንላዕሊ
ወኒ ከይነላዕል ዳግማይ ቃልሲ
ንኣውያት ህዝብና ከይንረኽበሉ ፈውሲ
ሸዓ ተሪፍና ኣብቲ ጊዜ ቃልሲ።

ህሉዋት ቆቡዕ ዲኹም ወዲኹም ናይ ፈለስቲ
ሞኣል ሓራስ ነብሪ በጥስአ ትዕግስቲ
ናይ ጃንዳ ህግደፍ ኣይትኹና ኣሳሰይቲ
ማህጸንክን ዘፍረየ ክሳብ መኣስ ክሰእኑ ዕረፍቲ።

ወድኹም ጓልኸፊ ኼኻኹም ተዓዘብቲ
ንምንታይ ዲና ተቓሊስና ንነዊሕ ዓማውቲ
ጭቆና ጭቆና ኢዩ ናይ ባዕዲ ኮነ ናይ ወዲ ዓዲ
ብልሓትኹም ጠፊኡና ንሰንብድ ብድምጺ ኣእወይቲ
ርሓት ሓሪሙና ኣሎ ኣብ መቃብር ታሕቲ።

የብቕዕ እባ ሕጅስ ምባል እነ እነ
ንህዝብና እባ ኹንዎ ምስሌነ
ካን ዲኹም ርዒድኹም ብብዓል ዓጢነ
እንታይ ክዓብሰልና ብሽምዓ ምዝካር ሰነ ሰነ።

አእዛና ክሰምዕ ሰሓቕ ካዕካዕታ
መንፌስና ክቀስን ክረክብ ሩፍታ
ህዝብና ክስተማቕሮ ሓርነቱ ብደስታ
ሕጅስ የብቕዕ ናይ ምልኺ ሃውተታ።

መልኾ ክህልዎ ንእና ክትዝኽሩ
ለበዋና አጽኒዕኹም ንምልኺ ቅበሩ
ንሕና ንኵርዕ ህሉዋት ትሕፈሩ
ክሳብ መአስ ኢዩ ዜጋና ክነብር ተሸቑሪሩ
ተሳኒኽፌ ድአ ሎምስ ገለ ግበሩ።

ድሕሪኡ ኢዩ ዘመልኽዓልኹም ንእና ክትዝኽሩ
ንድሕሪት ተመሊሸኹም ታሪኽና መርምሩ
አንቱም ህሉዋት ሕፈሩ እባ ሕፈሩ
ወዮ ጅግንነትኹም ድአ አበይ ተሰዊሩ
ክሳብ መአስ ክትኾኑ ቃርሳ ናይ ዓዋሉ።

ውዙፍ ኼይኑ አይንበር ለበዋ ብዙሓት
ንውጹዕ ዘተጋና ሓንስሰሉ ንብዓት
ኡይ በሉ ብሥኒት ወጺእኹም ኣብ ቅርዓት
ሕድሪ ስዉእ ጅግና አጽንዕዋ ልዓት
እዚአ ኢያ መልእኽቶም ጀጋኑ ስዉአት።

ክቡራት ደቂ ሃገረይ ጽን ኢልኹም ዝሰማዕኹምኒ
ክብረት ይሃበለይ
ምስ ብዙሕ ኤርትራዊት ሰላምታ

ለምለም ገብረሚካኤል። ሽቱትጋርት 22 ሰነ 2008